# ድሕረባይታን ኣከባብራ ብዓል ዓወት ብሩር እየበልዩ ግንቦት 20 ኣብ ትግራይ

ብዘስላሰ ግደይ (መቐለ)

## I. *ንናፅነት ሀገር ካብ ዝተኸፈለ መስዋእትን ዓወትን*

*ዝሓለፉ ታሪኻዊ ኣጋጣምታት ሃገርና ኮነት ህዝባ ንቲ ሐዚ ዘለዋ ቅርፅን ርክባት ህዝብን ንክትሕዝ ነናይ ባዕሎም ኣስተዋፅኦ ገይሮም እዮም። እዞም ታሪኻዊ ምስልታት ብዝተፈላለዩ ፀሓፍቲ ታሪኽ ዝተፈለየ ቦታን ትርጉምን ተዋሂብዎም ተመዝጊቦም እዮም። ክንድቲ ክወሃቦም ዝግባእ ቦታን ኣፍልጦን ዘይረኸቡ ታሪኻዊ ኣጋጣሚታት እውን ኣለዉ። ኩሎም ታሪኻዊ ኣጋጣሚታት ብዝግባእ ተፀኒዖም ሚዛናዊ ብዝኾነ መንገዲ ንወለዶ ክሓልፉ ምግባርን ኣብ ከምዚ ዓይነት ፉሉይ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ናይ ብሩር እየበልዩ ብዓል ግንቦት 20 ክነልዕሎም ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።*

*ህዝብታት ኢትዮጲያ ኣብ ታሪኾም ብዙሓት ቃልስታት ኣካይዶም እዮም። ካብ መንጎ እዞም ዓበይቲ ቃልስታት ታሪኽ ዓወት ዓድዋ ፍሉይ ቦታ ዘለዎ እዩ። ከምቲ ዝፍለጥ ዓወት ዓድዋ ንዓና ንኢትዮጲያውያን ጥራሕ ዘይኮነስ ብጠቕላላ ንፀለምቲ ህዝቢ ዘኹርዐ እዩ። ዓወት ዓድዋ ዝተረኸበ ምዕራባውያን ንኣፍሪካ ክመቓቐሉ ካብ ዝነበሮም ትልሚ ብምብጋስ ኣብዝሓ ክፋል ኣፍሪካ ተቆፃፂሮም ኣብ ዝነብርሉ እዋን እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ኣፍሪካ ምምቕቓል ህዝባ ኣንበርኪኽካ ልዕልና ፀዓዱ ምእዋጅ ብርግፀኝነት ዝፍፅምዎ ግፍዒ ነይሩ። ፀለምቲ ህዝቢ ልዕልና ፀዓዱ ንምቅዋም ወነ፣ ድሌት ኮነ ዓቕሚ የብሎምን ኢልካ ብምድምዳም ዝኾነ ይኹን ደቡባዊ ክፍለ ዓለም ነንባዕሎም እናተስማምዑ ዝካፈልሉ እዋን ነይሩ። ንሽሙ ዝኣክል ዝሰልጠኑ እዮም ዝባሃሉ እዞም ምዕራባውያን ኣብ ካልእ ኣፍሪካ ሃገራት ዝፈፀምዎ ግፍዕን በደልን ብምኽንያት ጣልያን ኣብ ውሽጢ ንምድጋም እንትንቀሳቐሱ እዩ ዓወት ዓድዋ ዝተረኸበ። ዓወት ዓድዋ ፀላኢ ብኹናት ዝተሸነፈሉ ጥራሕ እንተይኮነስ በቲ እዋን ዓብሊሉ ዝረአ ዝነበረ ግፍዓዊ ኣረኣእያ ዝተሰበረሉ እዩ ነይሩ። ፀሊም ህዝቢ ብግፍዒ ንዝመፀ ሰራዊት ኣምበርኪኹ ልዕልና ክብሩ ምርግጋፅ ይኽእል እዩ ዝብል ሓድሽ ብስራት ብምእዋጅ ኣብ ውሽጢ ምዕራባውያን ሓይልታት ድንጋፀ፣ ኣብ ውዕዓት ደቡባዊ ክፍለ ዓለም ተስፋ ዘለምለመ ዓወት እዩ።*

ስለዚ ዓወት ዓድዋ ጀጋኑ ደቂ ሃገር ዝተዋደቑሉ ታሪኻዊ ፍፃመ ዋላ እውን እንተኾነ ረብሕኡ ግና ኣብ ህዝብታት ኢ/ያ ተወሲኑ ኣይተረፈን። ህዝብታት ኢትዮጲያ ማንነቱ ደፊሩ ክብሩ ከመራስሕ ንዝመፀ ናይ ወፃኢ ሓይሊ እንትብድሁ ዓድዋ መፈለምተኦም ኣይኮነን ቅድሚኡ ኮነ ድሕሪኡ ብዙሓት ታሪኻዊ ዓወታት ኣመዝጊቦም እዮም ይኹን እምበር ዓወት ዓድዋ ኣብ መፃኢ ዕድል ሃገርና ዝነበሮ ተፅዕኖ ብጣዕሚ ዝተፈለየ እዩ። ጣልያን ዓወት ዓድዋ ተፃዊሩ ኢትዮጵያ ንምቁፅፃር እንተዝኽእል ነይሩ እቲ ሐዚ እንሪኦ ማንነትናን ሓድነትናን ክረክብ ይኽእል ነይሩ እዩ ምባል ኣይካኣልን። ስለዝኾነ ዓወት ዓድዋ ፀለምቲ ህዝቢ ዝሰኣንዎ ክብሪ ዝመለሰ ዓወት ጥራሕ እንተይኮነስ ንሃገርናን ህዝብን ካብ ሓደጋ ምብትታን ዝተረፈሉ እዩ ምባል ይከኣል። በዚኦምን ካልኦት ብዙሓት ኣብነታትን ዓወት ዓድዋ ኣብ ናይ ሐዚ ማንነትና ዓብይ ቦታን ኣድናቆትን ዝፈጠረ እዩ።

## II. <u>ናይ ህዝቢ ልኡላውነት ንነኒ ዝገደፈ ሀገራዊ ናፅነት</u>

ዓወት ዓድዋ ኢትዮጲያውያ ጅኦግራፊያዊ ሓድነታ ሓልያ ንክትቅፅል ዋላ እውን ዝሓገዘ እንትኾነ ድሕሪኡ ዝተፈጠሩ ናይ ፖለቲካ ኩነት መሰረታዊ ሕቶ ህዝብታት ዝመለሱ ኣይነበሩን።ከምዚ ዓይነት ዓወት ህዝብታት ኢትዮጲያ ካብ ናይ ባዕሎም ግፍዓኛ ፊውዳላውን አምባገነን ወታደራዊ መንግስታትን አየናገፎምን። ነዝውን እዩ ሃገርና ኣዝዩ ካብ ዝማዕበለ ስልጣነ ናብ ምንቁልቃልን ኢሉውን ብርኪ ሙሉእ ልመናን ተመፅዋትነትን ጢሒላ ነይራ ዝብል መደምደምታ ዝተበፅሐሉ። ናይዚ ቀንዲ ምኽንያት ካብ ዝነበሩ እቲ ሓደ ድማ ብዙሕነት ሕጋዊ ኣፍልጦ ሓሪምዎ ብሽም ሓድነት ህዝብታት ብመንነቶም ክሓፍሩን (ክሸቁረሩ) እናተገበረ ፀኒሑ እዩ። ብሽም ግዝኣት ሓድነት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወርድ ዝነበረ ሓሰረ-መከራ ኪናትን ጥፍኣት ናይ ቀረባ ተዘክሮና እዩ።

በዚ ድማ ኢትዮጵያ ውሑዳት ሰባት ዝተኸበሩላ ኣብዝሓ ህዝቢ ግን ብድኽነት ዝህሰዩላ መከረኛ ሃገር ኮይና ፀኒሓ እያ። ብዓለም ለኸ ደረጃውን ቤት ማእሰርቲ ብሄር ብሄረሰባትን ዝብል መፀውዒ ተዋሂብዋ። ህዝብታት ካብ መሬቶም ተፈናቒሎም ብመጠኻን ርእስተ ጉልት ዝምሓደሩሉ አደዳ ጥምየትን ንሞት ዝሳጥሕሉ ኩነታትውን ተፈጢሩ ነይሩ እዩ። ብመዳይ ሃይማኖት እውን መንግስታዊ ሃይማኖት ተቐባልነት ረኺቡ እቲ ሓደ ሃይማኖት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሃይማኖታት ልዕልነቱ ዘንፀባርቐሉ (ዝርእየሉ) ኩነታት እዩ ነይሩ። ስርዓት ደርጊ ድማ ሙሉእ ንሙሉእ ንእምነታት ህዝቢ ዘናዕቕን መሳርሒ ፖለቲካዊ ስልጣን ክሳብ ዘይኮኑ አፍልጦ ብዘይምሃብ ዝግለፅ ጫፍ ዝኸደ ስርዓት ነይሩ።

## III. ናይ ህዝቢ ልኡላውነት ክኽበር ዝተኸፈለ መስዋእትነት ምሽጥር ዓወታትን

ካብ ከምዚ ዓይነት ግፍዕን በደልን ንምንጋፍ ህዝብታት ኢትዮጵያ እኹል ሳይንሳዊ አመራርሓ ዘይረኸበን ዝተበታተነ ቃልሲ እካ እንተካየዱ ካብ ዓወት ዓድዋ ቐጺሉ ኣብ ሃገርና ዓብይ መስተንክር ዝተሰርሐሉ ተጋድሎ 17 ዓመት ዕጥቂ ቃልሲ እዩ። ህዝብታት ኢትዮጰያ ንማዕርነቶምን ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ተሳታፍነቶምን ተረባሕነቶም ዝተኻሽሑሉ ጊዜውን ኣካል ታሪኽ እዚ ሃገር እዩ። ኣብዚ ፍሉይ ትኽረት ዝውሃቦ ብተናፀልን ሳይንሳዊ ኣመራርሓ ዘይረኸበ ተጋድሎ ክዕወት ዋላ እንተዘይክአለ  እዚ ተጋድሎ ግን ኣብ መበል 20 ክፍለ ዘመን ዝነበረ ዝተማእኸለ ኣገዛዚኣ ዝተፈታተነ ንዝነበረ ዝተማእኸለ ኣምባገነናዊ ኣገዛዚኣ ዝበድ'ን ብርሃን ሳይንሳዊ ቃልሲ ውፅዓት ህዝብታት ዝተወለዓሉ ሽግ 11 ላካቲት ክወልድ ኪኢሉ እዩ።

ብዝተወደበ መንገዲ ንዓወት ዝበቕዓ ብኢህወደግ ዝተመርሓ ተጋድሎ ህዝብታት ኢትዮጵያ ድማ ንናይ ትማሊ ጥራይ ዘይኮነስ ንናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ናይ ስርዓት መንግስቲ ባህሪ ዝወሰነ ናይ መፃኢ ጉዕዞና ወሳኒ ኣንፈት ዝሓበረ'ውን ኮይኑ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ተሰጋጊሩ አሎ።ናብዚ መደምደምታ ዘብፅሓና ፉሉይ ባህሪ ኢህወደግ ምርአይ አገዳሲ እዩ። ካብቶም አብ እዋን ምንቅስቓስ ተምሃሮ ተፈጢሮም ሰንካል ዕላማን አንፈት ቃልስን ብምምራዖም ገና ታተ ምባል እንተይጀመሩ ዝጭሃዩ ውድባት ፈጺሙ ብዝተፈለየ መንገዲ አብ 1967 ዝተጀመረ ቃልሲ ንምንታይ አብ ዕጥቂ ቃልሲ ንፀላእቱ ስዒሩ ሕዝውን በዓወት ይግስግስ አሎ ዝብል ምርአይ አገዳሲ እዩ። ብመሰረቱ ቅኑዕ ዕላማን ኣንፈታትን ፕሮግራማትን ሒዙ ንህዝቢ አሚኑ ዝተቓለሰን ዘቃለሰን ውድብ ምኻኑ ደጋጊምና ንወለዶታት ክንገልፀሎም ዝግባእ መሰረታዊ ነገር እዩ።

ብዙይ ምኽንያት እዚ ንዓወት ግንቦት 20 ዘበቀዓና ቃልሲ ኣዝዩ ፍሉይ ዝገብሮ ኣብ 1967 ዓ/ም እንትምስረት ኣብ ሃገርና ብዲሞክራሲያዊ መንገዲ ዝምራሕ ብሄራዊ ቃልሲ ብምቕስቓስ ዕውት ከምዝኾውን አሚቱ ዝአተወ ውድብ ብምኻኑ እዩ። እዝይ አብ ማገብት /ማሕበር ገስገስቲ ብሄረ ትግራይ/ ምንቅስቓስ ተምሀሮ እነሀለወዉን ጀሚሩ ዝተዘራረብሎ ወሳኑ ጉዳይ ነይሩ። እዚ ቃልሲ ካብ ዝነበርዎ ፍሉያት ባህርያት ንዓርሱ ምፍታሽ፣ ምግምጋምን ንህዝቢ ዘይጠቅም ነገር ምእራምን እዩ። በዚ መሰረት ድማ ነታ ጌጋ ቀልጢፉ ኣሪሙ ኣብ ማዕርነት ዝተመስረተ ሓድነት ውሽጢ ንብሄራዊ ማዕርነት ዝካየድ ቃልሲ ብዝልዓለ ብርኪ ዘጠናኸረ

ቃልሲ ኮይኑ ኣብ ታሪኽ ኢትዮጲያ ብመስዋእቲ ደቂ ህዝቢ ብወርቃዊ ቀለም ዝተፅሓፈ ታሪክ ኣመዝጊቡ።

እዚ ንዓወት ግንቦት 20 ዘብቀዓና ቃልሲ ንሰላምን ናይ ሓሳብ ቃልስን ዘቐድም ዝነበረ ካብ ዕጥቂ ቃልሲ ጀሚሩ እዩ። ህዝባውነቱ ኣብ ትኽክለኛን ሳይንስን'ውን ኣረኣእያ ትንትናን ዝብገስ'ዩ እምበር ተራ ናይ ያዕያዕ (populist) ውድብ ኣይነበረን። ህዝብታት ኩሎም ማዕረ እዮም። ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ህዝቢ ድልየቱን ረብሕኡን ሓደ እዩ። ስራሕትን ወሰንትን ታሪኽ ህዝብታት እዮም ብዝብል መበገሲ (ንህዝቢ ትግራይ ካብ ደጋፊ እቲ ቃልሲ ናብ ብዓል ዋና እቲ ቃልሲ ዘሰጋገረ ቀዲሚም ካብ ዝተመስረቱ ውድባት ብሕታዊ ውድብ ይገብሮ ኣብ ታሪኽ ሀገርና።ስለዚ ድማ ኢህወደግ ንግዝኣት ይኹን ንተፈጥሮ ሃፍቲ ልዕሊ ረብሓ ሰላምን መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝብታትን ኣይርኣን። ብዕጥቂ ቃለሲ ንኣምባገነን ስርዓታት ከውድቑ ነዊሕ ጊዝ ካብ ዝወሰደሎም ገለ ናይ ኣፍሪካ ዓድታት ተቓለስቲ ዝፍለየሉ ሓዲኡ ጉዳይ እዝይ እዩ። ህዝቢ ዋላ ጉጉይ ቅዋም ይሓዝ የኽብር።

ንሓቀኛ ዴሞክራሲያውነት ዝተዋደቐ ውድብ ህወሓት መበገስኡ መሰል ህዝቢ ትግራይ ብምኽኑ ንናይ ሓባር መሰላት /ብሄር ብሄረሰባት፣ ሃይማኖት፣ ፆታ) ክረጋገፅ ተቐሊሱን ኣቃሊሱን እዩ። ናይ ሓባር መሰል ምስ ናይ ውልቀ ዴሞክራሲያውን ሰብኣዊ መሰላትን ተነጺሉ ከምዘይኽበር ኣዳዕዲዑ ዝተቓለሰ ውድብ ስለዝነበረ ነዛ ብርሃን ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጲያ ዘብቀዓትና ግንቦት 20 ክንበፅሕ ኣኽኢልና እዩ።

መስተንክራዊ ፅንዓትን ዕላማን፣ ዓወታትን ዝተርኣየሉ እዚ ቃልስ ገና ብዕሸሉ ብሸቮ ሰራዊት መሳፍንቲ ጠርነፍቲን ኢድዮን ተኸቢቡ ነይሩ። መስዋእቲ ከምግብን ማይን ማዕልታዊ ቀለብ ዝኾነሉ መሪር እዋን ብፅንዓት ኣሕሊፉ። ኣብ 1970 ድማ ብናይ ደርጊ ኣማኢት ኣሽሓት ሰራዊትን ኣፅዋሮምን ተኸቢቡ ህልውንኡ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ወዲቑ'ውን ብሓፂናዊ  ፅንዓት መኪቱ ዝመዕአ እዩ። ተጋዳላይ ምስሓደ ሓይሊ ገጢሙ ቁስሉ ከሓወየ ምስ ካሊእ ሓይሊ ዝገጥመሉ። ተጋዳላይ ንሓደ ኪናት መኪቱ እንተይወድአ ብኻሊእ ኹናት ክርብርብን ኣብ መፃብብ ክኣቱ ዝተገደደሉ። ኣብዚ እዋን ካብዚ ደጋዊ መፃብብ ብተወሳኺ ኣብ ውሽጡ ዝተልዓሉ ሓንፈሽት'ውን ናብ ደንደስ ዕንወት ከብፅሕዎ ዝተፍሓሰ ወዲት ኣፍሺሉ ብዴሞክራሲያዊ ቃልሲ መሳ መሳ ምምካት ወራራት ፀላእቲ ሰጊሮዎ እዩ። ኣብ መወዳእታ ድማ ብሚሒር መስዋእቲ ህልውንኡ ኣረጋጊፁ እዩ ሓፂናዊ ፅንዓት ተጋዳላይ። ብፈንጂ ዝተሓፀረ ድፋዓት ፈንጂ እናረገፁ ኣብ መስዋእቲ ብፆቱ ተሰጋጊሩ ዓወት ዘመዝግብ

ብታንከታት ፀላኢ እናተድሃፀ ንፀላኢ ኣዛቢዑ ዝደምሰሰ።ብፅምኢ ማይ ኣብ ኣብ ዝተፈተነሎም ከምኒ ሰርዶ፣ ደሮም፣ ኲናት ያምኣርባዓ፣ ብሰንኪ በረድ ኣብ ከምኒ ጎበታት ጉና ኣፃብዕቱ ተኣሲሩውን እናተዋገአን እናተሰወአ'ውን ተዓዊቱ።

እዚ ቃልሲ ካብ ናይ ውሽጡ ሕመኞ ንዓቐብ ዘስኲኖ ነገር የለን። ተጋዳላይን ኣባልን ነፃ ከይኖም ይካትዑ፣ መርገፂ ይሕዙ፤ ክሳብ ናይ መስመር ኣፈላላይ ዝሓዙ ኣመራርሓ ጊዜ ሂቡ ወይ ክኣምኑ ወይ ከእምኑ መድረኽ ዝህብ ውድብ እዩ። ናይ 1977 ናይኒ ግደይ ናይ ሓሳብ (መስመር) ኣፈላላይ ዘተኣናገደሉ ኩነታት እቲ ሓደ እንትኾን መስመር ተሃድሶ ተነፂሩ ዘወፅኣሉ እዋን ድማ ብተመሳሳሊ ክጥቀስ ዝኽእል እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ውድብ ኣንፀላልዩ ዝነበሩ ናይ ሕመኞ ኩነታት ሕንፍሽፍሽ (1969) ዝተዛበዓ ኣንፈት ዝሓዙ ኣመራርሓ (1977) ናይ ኣንጀ ሓደጋ (1993) ዝተፈለየ ሓሳብ ዝነበሮም ድማ ብሰላም እዩ ሰኒዎም። መወዳእታውን ሓቀኛ መስመር ዝሓዘ ስዒሩ ዝወፅኣሉ ውድብ ክኸውን ኪኢሉ እዩ።

እዚ ቃልሲ ናይ ምንባብ ባህሊ ብዘለዎም ኣመራርሓን ተጋደልትን ኣባልን ዝተሃነፀ እዩ። ተመክሮ ወያነ ዓለም ብምፍታሽን ብምትንታንን ክልስ ሓሰባዊ ዓቕሙ ዘጠናኸረ ውድብ'ዩ። ንሕሉፍን ንኸይዱን ንቐፈታዊ ብዝኾነ መንገዲ እናርአየ እናገምገመ ካብ ባዕሉ'ውን ብዙሕ ዝተምሃረ ውድብ'ዩ። ጌጋታቱ ኣብ ኣደባባይ ንምዝራብ ዘይስኮን የግዳስ ኣባልን ህዝብን ብግልፂ ፈሊጠምዎ ክቃለስዎ ዝገብር ውድብ እዩ። ፀላእቲ ብኾራርምቶም እንትስሕቑ በሰቢስና ነይርና ኢሉ ብግልፂ ኣብ ኣደባባይ ዝእውጅ ናይ ተሀድሶ ሓይሊ እዩ።

እቲ ተጋዳላይን ኣባልን ፅቡቕ ዓወት ካብ ዘመዝገቡ ዝምሃር፣ ዘኽብሮምን ንፅያም ክመስል ድማ ዝፅዕርን እዩ።ንናይ ትማሊ ፅቡቕ ነገር ክብሪ ይህብ። ናይ ህዝቢ ጭቆና ድኽነት ምውጋድ ዝዕልም ውድብ እዩ። ካብ ኣወንታዊ ጐንታቱ ኣሉታዊ  ጐንታቱ ኣብ ምፍታሽ ድማ የድህብ። እዚ ቃልሲ ይትዓፃፀፍ ነይሩ ማለት ልጋም ዘይብሉ ምግልባጥ ነይርዎ ማለት ኣይኮነን።የግደስ ብዓል መትከል እዩ። ኣብ ረብሓ ሓፋሽ ኣይደራደርን። ኣብ ዴሞክራሲ ኣይደራደርን።

እቲ ቃልሲ ኣብዘየተመጣጠነሉ እዋን ግዳ ወያነ ኢትዮጲያ ክግውድ ዴሞክራሲያዊን ወድባት ክምስረታ ተርኡ ተፃዊቱውን እዩ። ብድምር እዚ ቃልሲ ንህዝብታት ኢትዮጲያ ኣተሓባቢሩ ብዝገበሮ ቃልሲ 20 ግንቦት 83 ደርጊ ተደምሰሱ። ደርጊ ዝተደምሰሰላ ግንቦት 20 ኣምባገነናዊ ስርዓት ደርጊ ጥራይ እንተይኮነስ ተረፍ መረፍ ድሕረታት ፊውዳላዊ ስርዓታት

እውን ሓቢሮም ናብ መቓብር ዝወረድሉ ናይ ናፅነት፣ ዴሞክራሲ፣ ፍትሕን ልምዓትን መዓልቲ እያ።

እዚ ቃልሲ ብሃገር ደረጃ ንዝካየዱ ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንፁራት ቅዋማትን ሓሳባትን ብዛይዛሪ መንገዲ ዘመንጨወ እዩ። እዚ ጥራይ እንተይኮነስ ናይ ኢትዮጵያ ህዝብታት ቃልሲ ኣብዘይተመጣጠነሉ ቃልሲ እቲ ከቢድ ሽክም ብዝተማልአ ናይ ሓላፍነት መንፈስ ዝተሸከመ ዝልዓለ መስዋእትነት ዝኸፈለ (ልዕሊ 60 ሽሕ) ልዕሊ 100 ሽሕ ኣካል መጉዳእትን ዝኸፈለ ውድብውን እዩ። ህዝቢ ብደብዳብ ክላስተር ቡንባን ንምጥፋእ ኣብ ታሪክ እዛ ሀገር ብገዛእቲ ደርብታት ዝተፈረደሉ እዋን ሓሊፉ እዩ ብዓል ግንቦት 20 መበል 25 ዓመት ናይ ብሩር እየበልዩ ብዓል ነኸብር ዘለና።

IV. <u>ነዚ ክቡር መስዋእትን ዓወትን ዝምጥኑ ፕሮግራማት</u>

ኣብ ትግራይ ብዓል ግንቦት 20 ነዚ ከምዚ ዝበለ ኩቡር ግደ ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡን ብዝምጥን ኣገባብ እቲ ብዓል ክነኽብር ከለና ብመሰረቱ ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ዘመዝገብናዮም ዓወታት እናስተማቐርና ነቶም ጉድለታትና ከየናሕሰና ክንእርሞም ዝጀመርናዮ ምንቅስቓስ ብምጥንኻር እዩ። ካብቶም ክነስተማኽሮም ዝግበአና ጉዳያት ተሓሲቡ ናይዚ ብዓል ፕሮግራም ኣካል ዝኾነን ዘሓጉስን ጉዳይ ኣብ 19 ክፍለ ዘመን ዝነገሱ ኣፄ ሚኒሊክ ህዝቢ ትግራይ ከፋፊልካ ምግዛእ ወሳኒ ናይ ስልጣኖም መናውሒ ገይሮም ዝወሰድዎ ድሑር ኣተሓሳስባ ንሓንሳእን ንመወዳእታን ዝቐብር ቃልሲ ተኻይዱ ትዓዊቱ እዩ።

ነዚ ኩነታት ትሓሳቢ ብምግባር ኣብዛ ክብርቲ ናይ ነፃነትን ማዕርነትን ዕለት ህዝቢ ደቡብ ትግራይ ዝወከሉ 300 ንህዝቢ ምዕራብ ወልቃይት፣ ፀገዴን ቃፍታ ሑመራን ዝወከሉ 400 መናእሰይ፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ ሓረስቶትን ነጋዶን ዘካተተ ዑደት ኣብ ሙሉእ ትግራይ ክብሃል ብዘኽእል መንገዲ ምናልባትውን ንኻልኣይ ግዜ ካብ ግንቦት 10-17 ኣብዘሎ እዋን ከካይዱ እዮም። ንቐድሚት እንታይ ተሰሚዕዎም ዝብል ድሕሪ እቲ ዑደት ሒዘ ክቐርብ እየ። ንሓዚ ግን እዞም ዑደተኻታት ታሪኽ ህዝቢ ትግራይን ኢትዮጲያን ማዕረ ኩሎም ስልጣነታት ህዝቢ ዓለም ዝነበረሉ ኩነታት ዘዘንትው ታሪኻዊ ቦታት ኣኽሱምን ይሓን ክርኢ እዮም። ን25 ዓመታት ብዝተገበረ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ንግብፃውያን ኣማኢት ዓመታት ዝወዳአሎም ስራሕ ፒራምድ ዝአክል አእማን ናብ ጎቦታቶም ብምጉዕዓዝ ዳግማዊ ታሪኽ ሓመድን ማይን ዕቀባ ሰሪሖም ብምባል ብናይ ዓለም ባንኪ ተመራመርቲ መፅናዕቲ ዝተረጋገፀሎም ብሉፃት ተመክሮውን ክሪኡ እዮም። ከም ሓደ ኣካል ህዝቢ ትግራይ ንሶምውን ዝተዋሰኡሉ እካ

እንተኾነ ኣብታ ብዓለም ለኸ ሓምለዋይ ልምዓት ዝተሸለመት ጣብያ ኣብርሃ ኣፅብሃ ነዚ ዝምስክር ትኣምራት ኣናእሸተይ ግድባትን ሓምለዋይነትን ክፅዘቡ እዮም። ንባብኩም ብላዕሊ እሞ ኣብርሃ ኣፅብሃሲ ን25 ዓመታት ብዘተሰርሓ ስራሕ እቲ ደረቕን ጋህፃፅን ዝነበረ ከባቢ ተቐይሩ መጣጢ ፓምፕ ተዘይድለየ ንመሬት ብሓይሊ ዝፈስስ ማይ ከርሰ ምድሪ ፈጢሩ ንከተማ ውቕሮ ፍልፍል ዝስተ ማይ ዝርከበሉ ብሕታዊ ቦታ ኾይኑ ኣሎ።

እዚ ብዓል ኣብ ትግራይ እንትኽበር ነዞም ከምዚ ዝበሉ ዓወታት እናስተማቐረ ጉድለታትና ንምእራም ዝተወለዓ ምንቅስቓስ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ህዝቢ ብዘቐፅል መንገዲ ሰፋሕቲ ናይ ፓነል ምይይጣት ብብርኪ ክልል ምስ መንግስቲ ሰራሕተኛ፣ ሙሁራንን ተምሃሮን ክካየድ እዩ። እዞም መድረኻት ብተመሳሳሊ ኣብ ከተማታት ምስ ሰብ ሃብቲ፣ ነጋዶን ድኣንትን ኣብ ገጠራት ክሳብ ጣብያ ምስ ሓረስቶት ክካየዱ እዮም። ህዝብና ሕዝውን ከምቲ ልሙድ ነቶም ዝመፅኡ ለውጥታት ኣተባቢዑ ንድኽመታትና ብናፃን ግልፅነትን ክሕብርን ግድኡ ከቐምጥን ትፅቢት ይግበረሉ። ሰላም

ብዝሕነትና ኣብ ዴሞክራሲያዊ ሓድነት ንዝተመስረተ ህዳሰና